الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

ሕጂ'ውን ፈላላይ ተግባር ጠጠው ይበል!

ሳላ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጽቡቕን ሕማቕን ኩሉ ኣስተማቒርናዮ ኢና። ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ታሪኽና ስለ ዝኾነ ናትና ኢዩ። ንፍቶ ንጽላእ ኩልና ካብዚ ኢና ንብገስ። ስለ ዝኾነ ነቲ ሕማቕ ጉሒፍና ነቲ ጽቡቕ ዓቒብና ዕዮና ክንጅምር ይግባእ። ኣብቲ ዝሓለፈ መሪር ቃልሲ ይኹን ሕጂ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዘሳቕየና ዘሎ ቀንዲ ሽግር ካብቲ ዝሓለፈ ጸቢብ ኣተሓሳስባታት ሓራ ስለ ዘይኮና ኢዩ። ብግብሪ ዘይትትርጉሞ ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ስለ ዝተወረቕን ወግሒ ጸብሒ ገስጋሲ ጭርሖታት እንተ ተጨረሐን ዲሞክራሲያዊ ክኸወን ኣይክኣልን። ኣፍን ግብሪን ክሳብ ዘይተሳነየ ተውጽኦ መደብ ተዓዋቲ ክኸውን ፈጺሙ ዘይሕለም ኢዩ። እንተ ተሓልመ ከኣ ሕልሚ ምኳን ኣይተርፎን። ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ኣብ ሓቂ፣ ግሉጽነት፣ ምጽውዋር ሰረት እንተ ዘይገይሩ ረብሓ ውሑዳት ጥራሕ ዝሕሉ ሕጊ ኣልቦ ኢዩ ዝነግስ። ኣብ ካልእ ከይከድና ስርዓት ህግደፍ ዓቢ ኣብነት ኣሎና። ነዚ ንምቕያር ኢዩ እኮ ህዝቢ ኤርትራ ዝረባረብ ዘሎ። ካብዘይ ንፈልጦ መልእኽ ንፈልጦ ሰይጣን ይሕሻና ዝብሃል ምስላ ኣሎ። ነቲ ብዘይ ቅዋምን ሕግን ዝኸይድ ስርዓት ህግደፍ እናተቓወምናስ ሓለፍትና ኢልና ዝመረጽናዮም ልዕሊ ቅዋምን ሕግን ውድብ ሓሊፎም ጉጅላዊ ውሳኔ ንዝወስዱ ሓለፍቲ ተሸኪምና ዮም ክንጐዓዝ ኣይንመርጽን። ንኸምዚ ኣተሓሳባታት ዝውክል መስመር ዘይሩ ዘይሩ ንስርዓት ህግደፍ ኢዩ ዘርብሕ። ወይ ድማ ናቱ መተካእታ ይኸውን።ይንዋሕ ይሕጸር ስርዓት ህግደፍ ከም ኩሉ ስርዓታት ኣብ እዋኑ ምውዳቕ ስለ ዘይተርፎ ቅዋማዊ ኣሰራርሓን ግዝኣተ-ሕጊን ካብ ሕጂ ሰረት ክተክል ኣለዎ። ኢሳያስ ከመይ ገይሩ ኣጉድኡ ይሃንጽ ከም ዝነበረ ተሪፉ ዝኣክል ተሞክሮ ስለ ዘሎናን ብኣካል ዝተኻፈልናዮ ጉዳይ ስለ ዝኾነን ኣብ ውድብና ናቱ ነጸብራቕ እንተ ተረአ ብዙሕ ኣይገርመናን። ካብቲ ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ህግሓኤ ዝጥቀመሉ ሜላታት ቀዳማይ ነገር ክሳብ ምሉእ ዓብላልነቱ ዘረጋግጽ ዝተፈላለየ ምስምሳት ብምጥቓም ጉባኤ ከይገበርካ ንነዊሕ ምኻድ ነይሩ'ዩ። ኣብ ጉባኤ ብናትካ ሕርያን ንናትካ ኣረኣእያታት ዘተግብሩ ማእከላይ ሽማግለ ዝዓብለሎ ኣቕምካ ጥጡሕ ባይታ ብፍጣር ኩሉ መፋትሕ ኣብ ኢድካ ትጥቕልሎ። ነቶም የገልግሉኒ ኢልካ ዘምጻእካዮም ሰባት ብናትካ ድልየት ከምዝኾነ ብታሕቲ ታሕቲ ከም ዝፈልጡ ትገብር። ካብቶም ብኸምዚ ዓይነት ተሓርዮም ናብ ማ/ሽማግለ ዝደየቡ ሓንሳእ ዘይትቕየር ጽሩራ ስለ ዝሓዙ ኩሉ ሕልነኦምን ተግባሮምን ኣብ ምሕላው ኢሳያስ እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ስራሕ ኣይነበሩን። ገሊኦም ኣብ ባራት ካርታን ብሊያርዶን ክጻወቱ ገሊኦም ድማ ኣብ መስተ ጥሒሎም ጊዜኦም ዘሕልፉ ከም ዝነበሩ እኳ ንፈልጥ ኢና። እዚ ግን ንኹሎም ኣባላት ማ/ሽማግለ ህግሓኤ ዝምልከት ኣይኮነን ብኸምኡ ርዲኢት ክውሰድ እውን ኣይግባእን። ብኸምዚ ዓይነት ዝተነድቀ ስርዓት ድማ ጥዑይ ክኸውን ኣትጽበዮን። እዚ ከም ኣብነት ዝጠቕሶ ዘለኹ ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ናቱ ኣሰር ሒዙ ከይስዕርር መምሃሪ ክኾነና ይኽእል ኢዩ ካብ ዝብል እምበር ነቶም ሰባት ምኽሳስ'ውን ዕላማ የብለይን።

እሞ እንታይ ስለ ዘጋጠመ ኢዩ እዚ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ዘሎ ዝብል ሕቶ ክቕርብ ቅኑዕ ይመስለኒ። ኣብ 2ይ ውድባዊ ጉብኤ መትከላዊ እምነት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ነቲ ሞቶረ ናይ ቃልሲ መንእሰያት ክሕዝዎ ኣለዎም ኢሉ ኢዩ ተበጊሱ። መበገሲኡ ብዘይፍለጥ ግን ብግስ ከይበለ ምስ መንእሰያት ጉስጢ ተጀሚሩ። እዚ ተርእዮዚ ምስ ኣጋጠመ ሓደሓደ ናይ ኣተሓሕዛ ጉድለት እኳ እንተነበሮ ንድሕነት ውድብ ብምሕሳብን ቅኑዕ ፍታሕ ንኽረክብን ካብ ኩሉ ከባቢታት ብደረጃ ማ/ባይቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ መሰረታት ከይተረፈ ጥርኑፍ ሓሳባት ቀሪቦም። ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭት ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዘለዎም ብጾት ንምንጻል ዘይተማህዘ ነገር ኣይነበረን። መርእያ ናቱ ድማ ዝኾነን

ዘይኮነን ነገራት ኣተዓባቢኻ ጉባኤ ዘሸከሞም ሓላፍቲ ወጊንካ ንርእይቶይ ይሰማምዑ ኢዮም ዝበልካዮም ልዕሊ ማእከላይ ባይቶ ሓላፍነት ሂብካ መደባትካ ክተተግብር ምፍታን ንባዕሉ ባህሪ ናይ ጸቓጥን ዓብላልን ኮይኑ ካብኡ ሓሊፉ ዝርጋን (ምጉዝዛይ) እውን የኸትል። ካብዚ መን ይረብሕ መን ይጉዳእ ንኣንባባይ ይገድፎ።

ኣብ ጉዳይ ጉዕዞ ሓድነት'ውን ኣብ ሊዕሊ ማእከላይ ባይቶ ንዕቀት ተራእዩ። ማእከላይ ባይቶ ከይረኣዮ ህውኽ ጉጅላዊ ውሳኔ ብምውሳድ ንውድብ ናብ ምፍንጫል ሓደጋ ኣእትዩዎ። ናይ ውልቂ ካምፓኒ እውን እንተኾነ ብኸምዚ ኣይዕጸን ኢዩ (ናይ ውልቀይ ውድብ ኢዩ ዝብል ሓሳብ እንተልዩ ኣይንፈልጥን)። እኩብን ሓበራውን ኣሰራርሓ ክሳብ ዘይተተግበረ፥ ዝተፈልየ ርእይቶ ምቅባልን ምጽውዋር ክሳብ ዘይተጠርየ፥ ጭርሖታት ጥራሕ ብምድርዳር ቃልሲ ቅኑዕ መኣዝኑ ይሕዝ ማለት ኣይኮነን። ህዝቢ ኩሉ ዝግበር ምንቅስቓስ ይርእዮን ይዕዘቦን'ዩ። ህውኽ ውሳኔ ኩሉ ግዜ ክሳራ ኢዩ ዘኸትል። ሳዕበኑ ከኣ ሓፋሽ ህዝቢ ካብ ቃልሲ ይርሕቕ፥ ናይ ተዓዛባይ ቦታ ይሕዝ። ኣባላት እውን እንተኾኑ ኣብ መራሕቶም እምነት የጉድሉ። ጸ-ጸ-ጸርና ንደርቢ ዶ ኣይተባህለን። ይብዝሑ ይውሓዱ ብዘይገድስ ጸጸር ዘዳራብዩኻ ገዲፍካ ንበይንኻ ምጉያይ ድኣ እንታይ ኣምጽኦ። ተመሊስካ ትረድኦስ ገዲፍካዮ ኣይትኸድ ዝብሃል ለባም ምስላ ኣሎ። ዝበዝሑ ኣባላትካ ገዲፍካ ንገለ ገዚዕካ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ምእታው ክሳራ እምበር ዓወት ኣይብሃልን።

ሰደኤን ሰህኤን ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝቖርብ ንድፊ ፖለቲካዊ ዕዮን ቅዋምን ኣዳልዮም ናብ መሰረታቶም ከም ዝዘርግሑ ይፍለጥ። ነዚ ድማ ንኤህም ተዋሂቡስ መሰረታት ንክርእይዎ ናብ ኩሉ ጨናፍር ተዘርጊሑ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ዘይሕጋዊ ኣከያይዳ ምስ ኣጋጠመ በዳህቲ ሕቶታት ክልዓሉ ባህርያዊ ኢዩ። ነቲ ዝተገብረ ጌጋ ንምሽፋንን ሕጋውነት ንምልባስን ድሕሪ ማይ ናብ ባዓቲ ከም ዝብሃል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣኼባ ገይሩ፥ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ረገጹ ናብ ካልእ መኣዘን ክጠውየና'ዩ ፈቲኑ። ዝተላዕሉ ሕቶታት መትከላዊ ሕቶታት ስለ ዝኾኑ ሕጂ'ውን ኣብ መትከልና ኣሎና ተባህለ። ኣሎ ዝብሃል ጐዛዛይ ሜላታት ተፈቲኑ እዚ'ውን ኣይሰለጠን። ንገለ ከስድዕ ይኽእል ኢዩ ተባሂሉ ይኸውን ብዕለት 28/09/09 ነቲ 2ተ ሰልፍታት ዝደኸማሉ ንድፊ ፖለቲካዊ ዕዮ ስምን ኣርማን ኣእቲኻ ከም ሓድሽ ምዝርግሑ ነቲ ዘይቅዋማውን ዘይዲሞክራስያውን ግጉይ ውሳኔ ናይ 3ተ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኤህም ንምሽፋንን ንምድንጋርን ዝተማህዘ ሜላ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ዕላማ የብሉን። ንሱ'ውን እንተኾነ ሕጋውነት ዝጎደሎ ኢዩ። ናይ ስምን ኣርማን ከም ቀንዲ ጉዳይ ዘይኮነስ ከም ኣብነት ኢየ ዘምጾ ዘሎኹ።

እታ ዝተዳለወት መልእኽቲ እውን ናብ ኩሉ ኣይተሰደትን። ዕላማኡ ምድንጋር ኣባላት ተባሂሉ ዝተማህዘ ሜላ ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ መግለጺ ኣይውሃቦን። እዚ'ውን ኣብ ቦቦትኡ ኣባላት ምኽሳር እንተ ዘይኮይኑ ፍረ ዝህብ ኣይመስለን። ሕጂ'ውን ደጊመ ክጸቕጠላ ዝደሊ ግሉጽነትን ናይ ምጽውዋር ባህሊ ክሳብ ዘይተጠርየ ዝገበርካ እንተ ገበርካ ዝጭበጥ ለውጢ ከተምጽእ ዘይሕሰብ'ዩ። ሎሚ መራሒ ጽባሕ ተመራሒ ከም ትኸውን ብመትከል ክትቕበሎን ኣብ ግብሪ ክተውዕሎን ድሉው ክትከውን ይግባእ። ግብራውነቱ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ዝርኣ ስለ ዝኾነ ንግዜ ይገድፎ።

ዓወት ወይ ሞት!

ኣባል ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቕስቃስ

ሃብተማርያም በርሀ

ዕለት 23/10/09